Immigratie- en Naturalisatiedienst
*Ministerie van Justitie en Veiligheid*

# ዘይተደልየ ወጻእተኛ ምስ ትበሃል ንዓኻ እንታይ ትርጉም ኣለዎ?

ካብ ኣገልግሎት ስደተኛታትን ዜግነትን (IND) ዘይተደልየ ወጻእተኛ ኢኻ ዝብል ውሳነ ተቐቢልካ ኣለኻ። እቲ እተቐበልካዮ ውሳነ ስለምንታይ ዘይድለ መጻእተኛ ኸም ዝተበሃልካ ይገልጽ እዩ። ኣብዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ዘይድለ ወጻእተኛ ክበሃል እንከሎ እንታይ ምኺኑን ንዓኻ እንታይ ትርጉም ከም ዘለዎን ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

1. ዘይተደልየ ወጻእተኛ ዝብል መግለጺ እንታይ እዩ?
2. እቲ ዘይተደልየ ወጻእተኛ ትበሃለሉ እዋን ክሳዕ መዓስ እዩ ዝቕጽል?
3. ኣብ ስርዓተ ሓበሬታ ምምዝጋብ እንታይ ማለት እዩ?
4. ሓበሬታትካ ካብ E&S ወይ SIS ዝስረዝ መዓስ እዩ?
5. ኣብ ኔዘርላንድ ትነብር እንተድኣ ኣሊኻ ኸ እንታይ ክግበር እዩ?
6. እንተደኣ ነቲ ዘይተደልየ ወጻእተኛ ተባሂልካዮ ዘለኻ ዘይትሰማማዓሉ ኮይንካ እንታይ ክትገብር ትኽእል?
7. መዓስ ኢኻ እንደገና ናብ ኔዘርላንድ ክትኣቱ ትኽእል?
8. እቲ ዘይተደልየ ወጻእተኛ ተባሂልካዮ ዘለኻ ንክስረዘልካ እትሓትት ብኸመይ ኢኻ?
9. እንተድኣ ሕቶታት ኣልዩካ እንታይ ክትገብር ኣሎካ?

### 1. ዘይተደልየ ወጻእተኛ ዝብል መግለጺ እንታይ እዩ?

ኣብ'ቲ ዘይተደልየ ወጻእተኛ ዝብል መግለጺ ንስኻ ኣብ ነዘርላንድ ክትነብር ከም ዘይትድለ ይግለጽ እዩ። እንተደኣ IND ንስኻ ንኔዘርላንድ ሓደገኛ ኢኻ ኢሉ ሓሲቡ እቲ ዘይተደልየ ወጻእተኛ ዝብል መግለጺ ክወሃበካ እዩ። እዚ ስጉምቲ እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ነቶም ኸቢድ ገበን ዝፈጸሙ ሰባት ዝወሃብ እዩ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ገበን እዩ። ዘይተደልየ ወጻእተኛ ዝብል መግለጺ እንተ ተዋሂብካ ብኡንብኡ ኻብ ነዘርላንድ ክትወጽእ ኣሎካ። ብድሕሪኡ ናብ ነዘርላንድ ክትኣቱ ኣይፍቀደልካን እዩ። ዘይተደልየ ወጻእተኛ ምኺንካ ድማ ኣብ ናይ ሓበሬታ ስርዓት ክትምዝገብ ኢኻ። ኣብ ሕቶ ቑጽሪ 3 ኣብ ናይ ሓበሬታ ስርዓት ምምዝጋብ ማለት እንታይ ምኺኑ ኣንብብ።

### 2. እቲ ቲ ዘይተደልየ ወጻእተኛ ትበሃለሉ እዋን ክሳዕ መዓስ እዩ ዝቕጽል?

እቲ ዘይተደልየ ወጻእተኛ ዝብል መግለጺ መወዳእታ ዕለት የብሉን እዚ IND ኸምኡ ክገብር ምስ ወሰነ ጥራይ እዩ ዘቋርጽ። ንስኻ ነቲ ዘይተደልየ ወጻእተኛ ዝብል መግለጺ ክስረዘልካ እንተ ሓቲትካ ክስረዘልካ ይኽእል እዩ። ኣብ ሕቶ ቑጽሪ 8 ብኸመይ ሕድገት ክግበረልካ ኸም እትሓትት ተገሊጹ ኣሎ።

### 3. ኣብ ስርዓተ ሓበሬታ ምምዝጋብ እንታይ ማለት እዩ?

ዘይተደልየ ወጻእተኛ ምኺንካ ኣብ ስርዓተ ሓበሬታ ክትምዝገብ ኢኻ። ከምዚ ክበሃል እንከሎ ድማ መንግስቲ ንስምካ ኣብ ስርዓት ሓበሬታ ክምዝግቦ እዩ። ተመዝጊብካ ስለ ዘለኻ ድማ መንግስቲ ዘይተደልየ ወጻእተኛ ምኺንካ ክርእየካ ይኽእል እዩ። እቲ ውሳነ ኣበየናይ ስርዓት ከም እትምዝገብ ይገልጽ እዩ ። ክልተ ስርዓታት ሓበሬታ ኣለዉ፥

• ትግበራን ምልክትን (E&S)

እዚ ኣገባብ ስርዓተ ሓበሬታ ናይ ፖሊስ ነዘርላንድን ናይ ኣባላት ሓለዋ ዶብን ስርዓተ ሓበሬታ ኢዩ። ፖሊስን ኣባላት ሓለዋ ዶብን ጥራይ እዮም ን E&S ክቆጻጸሩ ዝኽእሉ።

• ስርዓተ ሓበሬታ ሸንገን (SIS)

ናይ ሃገራት ሸንገ ሓለውቲ ዶብን ፖሊስን ድማ ክምርምሩኻ እንከለዉ ናብቲ ሃገር ንኽትኣትው ከም ዝተኣገድካ ኣብ SIS ስለ ዝርእይዎ ደው ከብሉኻ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኹነታት ናብታ ሃገር ክትኣቱ ኣይፍቀደልካን እዩ። ኣብ www.ind.nl/schengengebied ወይ www.ind.nl/schengenarea ሃገራት ሸንገ ኣየኖት ከም ዝኾና ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

### 4. ሓበሬታትካ ካብ E&S ወይ SIS ዝስረዝ መዓስ እዩ?

እንተደኣ እቲ ዘይተደልየ ወጻእተኛ ምኺንካ ዝሕብር መግለጺ ንኽለዓለልካ ሕቶ ኣቕሪብካ እሞ ሕቶኻ ተቀባልነት ረኺቡ ኾይኑ።

**5. ኣብ ነዘርላንድ ትነብር እንተድኣ ኣሊኻ ኸ እንታይ ክግበር እዩ?**

ናብ ነዘርላንድ ምእታውን ኣብ ነዘርላንድ ምቕማጥን የቕጽዕ እዩ። ክሳዕ 6 ወርሒ ክትእሰር ትኽኢል ኢኻ ወይ ከኣ ኣሽሓት ዩሮ ኽትቕጻዕ ትኽእል ኢኻ። እዚ ኣብ ናይ ገበን መቕጽዒ ሕጊ ኣብ ዓንቀጽ 197 ተገሊጹ ኣሎ።

**6. እንተደኣ ነቲ ዘይተደልየ ወጻእተኛ ተባሂልካዮ ዘለኻ ዘይትሰማማዓሉ ኮይንካ እንታይ ክትገብር ትኽእል?**

ተቓውሞኻ ናብ IND ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ዝወሃበካ ውሳነ ነቲ ተቓውሞ ብኸመይ ከም እትገብሮ ይግለጽ እዩ።

**7. መዓስ ኢኻ እንደገና ናብ ኔዘርላንድ ክትኣቱ ትኽእል?**

ኣንተደኣ IND ነቲ ዘይድለ ወጻእተኛ ኢልካ ዘሎ ሰሪዝዎ። እዚ ክኸውን ዝኽእል ድማ እንተድኣ ንስኻ ሕቶ ኣቕሪብካ ኾይንካ እሞ ሕቶኻ ተቀባልነት ረኺቡ ኾይኑ ጥራይ እዩ። ኣብ ኣዝዩ ፍሉይን ሀጹጽን ኩነታት ነቲ ዘይድለ ወጻእተኛ ዝብል መግለጺ ንግዜኡ ክስረዘልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

**8. እቲ ዘይድለ ወጻእተኛ ተባሂልካዮ ዘለኻ ንኽስረዘልካ እትሓትት ብኸመይ ኢኻ?**

ነዚ ንምግባር ነቲ ኣብ ወብ ሳይት ዘሎ ዘይተደልየ ወጻእተኛ ዝብል መግለጽን ናይ ምእታው እገዳን ንኽሰሓበልካ መሕተቲ ዝምላእ ፎርም (9004 ወይ 9504) ተጠቒምካ መሊእካ ናብ IND ክትልእኮ ትኽእል ኢኻ። ወይ ከኣ ነቲ ዘይተደልየ ወጻእተኛ ዝብል መግለጺ ንኽለዓለልካ ዘብርሀ ደብዳበ ናብ IND ክትልእኽ ትኽእል ኢኻ። ነዚ ዝስዕብ ሓበሬታ እውን ጽሓፍ፥

- ካብ ነዘርላንድ (ብተኸታታሊ) ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ወጺእካ ከም ዝነበርካ።
- ኣብቲ እዋን እቲ ኸቢድ ገበን ፈጺምካ እንተ ኔንካ።
- ኣብዚ እዋን እዚ ብገበን ትኽሰስ እንተ ኣሊኻ ።

ካልእ ሰብ እውን ነቲ ናይ ምእታው እገዳ ንኽለዓለልካ ክሓተልካ ይኽእል እዩ። ነቲ ዝሓተልካ ሰብ ድማ ኣብ ክንዳኻ ኾይኑ ስጉምቲ ንኽወስድ ብወግዒ ውክልና ስልጣን ብምሃብ ኽትፈቕደሉ ኣሎካ። ነዚ ኸኣ ኣብ ጽሑፍ ብምስፋር ብምፍራም ኢኻ ትገብሮ። እዚ ውክልና ስልጣን ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣንተደኣ ካልእ ሰብ ነቲ ናይ ምእታው እገዳ ንኽለዓለልካ ኽሓተልካ ትደልይ ኾይንካ ናይ ውክልና ስልጣን ክትልእኽ ኣለካ።

ነቲ መምልኢ ቅጺ ወይ ደብዳበ ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ለኣኾ፥
IND Titel en Identiteit
Postbus 10
9560 AA Ter Apel

*እቲ ዘይድለ ወጻእተኛ ተባሂልካዮ ዘለኻ ዝስረዘሉ ኩነታት*
IND ኣብዞም ዝስዕብ ኩነታት ነቲ ዘይድለ ወጻእተኛ ተባሂልካዮ ዘለኻ (ንግዜኡ) ክስርዞ ይኽእል ኢዩ፥
- ብምኽንያት እቲ ኣብ ስድራቤትካ ዘሎ ኣገዳሲ ኾነታት ናብ ኔዘርላንድ ክትመጽእ ናይ ግድን ኣብ ዝኮነሉ ኩነታት።
- ኣብ ቤት ፍርዲ ምስክርነት ንምሃብ ናብ ኔዘርላንድ ንኽትመጽእ ናይ ግድን ኣብ ዝኮነሉ ኩነታት።
- ኣብ ነዘርላንድ ናይ ገዛእ ርእስኻ ገበናዊ ጉዳይ ስለ ዘሎካ ናብ ኔዘርላንድ ንኽትመጽእ ናይ ግድን ኣብ ዝኮነሉ ኩነታት።
- እቲ ዘይድለ ወጻእተኛ ተባሂልካዮ ዘለኻ ነቲ ናይ ኣውሮጳ ውዕል ሰብኣዊ መሰላት (EVRM) ዝጥሕስ እንተደኣ ኾይኑ።
- ድሕሪ እቲ ኣቐዲሙ ዘይድለ ወጻእተኛ ኢኻ ተባሂልካ እተወሰነልካ ኣብ ኔዘርላንድ ናይ መንበሪ ፍቓድ እንተ ተዋሂብካ።

*እቲ ዘይድለ ወጻእተኛ ተባሂልካዮ ዘለኻ ንኽስረዘልካ ዘድልዩ ሰነዳት*
ነዞም ዝስዕቡ ሰነዳትን ሓበሬታታትን ምስቲ መምልኢ ቕጺ ወይ ደብዳበ ልኣኮም፥
- እቲ ዘይድለ ወጻእተኛ ተባሂልካዮ ዘለኻ ኽለዓለልካ ንኹነታትካ ኣድላዪ ዝኾነሉ ምኽንያት ግለጽ።
- ቅድሚ ሕጂ እትጥቀመሉ ዝነበርካ ምሉእ ውልቃዊ ሓበሬታትካካን (ብኻልእ ኣገባብ) ትጥቀመሎም ዝነበርካ ካልኦት ኣስማትን።
- ቅዳሕ ናይ ኩሎም ገጻት ናይቶም ዘይድለ ወጻእተኛ ኢኻ ካብ ትበሃል ንነጀው ዝነበሩኻ ፓስፖርትታትካ። ወይ ከኣ ካልኦት ንምጉዓዝን ዶብ ንኽትሰግርን ዝተጠቀምካሎም ሰነዳት።
- ናይ እተን ድሕሪ ዘይድለ ወጻእተኛ ኢኻ ምባልካ ዝኣተኻየን ሃገራትን ቦታታትን ሓፈሻዊ ዝርዝር ዘርእይን መርትዖን። እዚ ኸኣ ድሕሪ እቲ ዘይድለ ወጻእተኛ እዩ ምስ ተባሂልካ ኻብ ሕብረት ኣውሮጳ ወጻኢ ኸም ዝነበርካ ዘርእይ እዩ። ወይ ከኣ ናብታ ኽትነብረላ እትፈቕደልካ ኣባል ሕብረት ኣውሮጳ/ ኣባል ቑጠባዊ ዞባ ኣውሮጳ ዝኾነት ሃገር ተመሊስካ ከም ዝነበርካ ተርእይ ኣለኻ ማለት እዩ። ኣብ [www.ind.nl/eueer](www.ind.nl/eueer) ከምኡ ድማ [www.ind.nl/en/eueea](www.ind.nl/en/eueea) ሃገራት ሕብረት ኣውሮጳ፣ ሃገራት ቑጠባዊ ዞባ ኣውሮጳ እንታይ ምዃነን ኣንብብ።
- ኣብተን ድሕሪ ዘይድለ ወጻእተኛ እዩ ምስ ተባሂልካ ዝኣተኻየን ሃገራትን ካብ መንግስቲ ነፍሲ ወከፍ ሃገር እተዋህበካ ወግዓዊ ሰነዳት። እዚ ኸኣ ኣብታ ሃገር ከቢድ ገበን ከም ዘይፈጸምካ ዝሕብር ክኸውን ኣለዎ። ኣብዚ እዋን እዚ ኸኣ ኣብታ ሃገር ብዝነበርካዮ ገበን ዘይትኽሰስ ምዃንካ ዘርእይ ክኸውን ኣለዎ።

- ንግዜኡ ናብ ኔዘርላንድ ንኽትኣቱ የድልየካ ኣሎ ድዩ? እምበኣር ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታት እውን ልኣኽ፣
  - o ናብ ነዘርላንድ ትመጸሉ ዕለትን ናብ ነዘርላንድ እትኣትወሉ በታን።
  - o ናይ ትኣትወሉን ትወጸሉን ናይ በረራ ቍጽሪ።
  - o ሓፈሻዊ ዝርዝር ናይ ኵለን እተን ኣብ ነዘርላንድ ትጸንሓለን በታታት። ብዛዕባ ኣብዚ ዝጸናሕካሉን ብዛዕባ ናይ ገንዘብ ወጻኢታትን ብዝምልከት ዘርእይ ዘተኣማምን መርትዖ።
  - o ብዛዕባ ገበናዊ ጕዳይ ብዝምልከት፣ ብዛዕባ እቲ ጕዳይ በጺሕዎ ዘሎ ዅነታትን ኣካይዳ'ቲ ገበናዊ ጕዳይን ብዝምልከት ዝገልጽ ሓበሬታ።
- እንተደኣ እቲ እገዳ ንኽለዓለልካ ንኽሓተልካ ንኻልእ ሰብ ፍቓድ ዝሃብካ ኮይንካ፣ ክታምካ ዝሰፈሮ ናይ ውክልና ስልጣን።

ናይ ወጻኢ ሃገራት ወግዓዊ ሰነዳት ሕጋዊ ግበሮም ከምኡ ድማ ናብ ቋንቋ ነዘርላንድስ፣ እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛ ወይ ጀርመንኛ ኸም ዝትርጐም ግበር። ብዛዕባ ሕጋውነት ምልባስን ምትርጓምን ብዝምልከት ኣብ www.ind.nl/legalisatie-vertaling ወይ www.ind.nl/legalisation-translation ሓበሬታ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

### 9. እንተድኣ ሕቶታት ኣልዩካ እንታይ ክትገብር ኣሎካ?

- www.ind.nl/ongewenstverklaring ወይ www.ind.nl/en/undesirability ዝብሉ ወብሳይትና ተወከስ።
- ሓበሬታ ንምርካብ ናብ ስልኪ ቑጽሪ +31 88 043 04 30 ደውል። ናብዚ ቍጽሪ እዚ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ካብ ሰዓት 09:00 ክሳዕ ሰዓት 17:00 ኣብ ዘሎ እዋን ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

*ካብ ትሕዝቶ እዛ ጽሕፍቲ ዝኾነ ይኹን መሰላት ክርከብ ኣይከኣልን ኢዩ። እንተደኣ እቲ ትርጕም ናብ እተፈላለየ ርድኢት ዝመርሕ ኾይኑ እቲ ብቛንቃ ነዘርላንድስ ዘሎ እዩ ወሳኒ ዝኾውን። ትሕዝቶ እዛ ጽሕፍቲ ምንጪ ብምጥቃስ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።*